# ጻዊዒት ንዓለም - ለኻዊ ሰላማዊ ሰልፊ ኤርትራውያን

ሃገርና ኤርትራ ካብ ዝኾነ ይኹን እዋን ንላዕሊ ኣብ ኣዝዩ ተኣፋፍን ሓደገኛን ኩነታት ትርከብ ምህላዋ ንኹሉ ብጉዳይ ሃገሩን ህዝቡን ንዝከታተል ሰብ ብሩህ እዩ።

ኢሳይያስ ን ካብታ "ወያነ ገይም ኦቨር" ብምባል ንጻውዒት ዕርቀ ሰላም ዶር ኣቢይ ዝተቐበለላ ዕለት ኣትሒዙ ምሉእ ግዜኡ ኣብ ጥጅእ ኲናት እዩ ኣሕሊፉዎ።

ኣብቲ እዋን፡ እቲ ስማዊ ዕርቂ ትርጉም ከምዘይብሉን ውዒሉ ሓዲሩ ከቢድ ሓደጋ ኲናት ከምዝስዕብን ዝተራእዮም ሓያሎ ኤርትራውያን ፖለቲከኛታትን ምሁራትን ህዝቢ ብንቕሓት ክከታተሎን ክከላኸሎን ጸዊዖም።

ብዙሓት ብለዋህ ምንዮት እቲ ንወጥሪ 20 ዓመት ዘዝለቐ ግዝያዊ ምኽፋት ዶባት፡ ንኢሳይያስ ናብ ልቡን ቀልቡን መሊሱ ምስ ነብሱን ህዝቡን ዕርቂ ኣዊጁ ድሌትን ባህግን ህዝቢ ክምልስ ይኽእል ይኸውን ኢሉ ዝተተስፈወ እውን ውሑድ ኣይነበረን።

ይኹን እምበር ኢሳይያስ ኣብ ክንዲ ጉዳይ ሃገሩ ዝገብርን ብህዝቡ ዝሓስብን "ኣብ ኢትዮጵያ ዝመጽእ ለውጢ ስለ ዘገድሰና ኣእዳውና ኣጣሚርና ኣይክንርእን ኢና" ብማለት ካብቲ ዝለመዶ ናይ ኲናትን ሽርሕን ባህሪያቱ ከምዘይእለ ካብ ፈለምኡ እዩ ነጊሩ።

እነሆ ከኣ ኢሳይያስ፡ ኣብቲ ዓሚ ሕዳር ኣብ መንገ ፈደራልን ክልል ትግራይ ዝተወልዐ ግጭት፡ ኣብ ጎድኒ ሰራዊት ፈደራል ተሰሊፉ ንህዝቢ ኤርትራ ኣብ ዘይምልከቶ ኲናት ሸሚሙዎ ይርከብ። ኣብዚ ኲናት ከኣ ሰራዊት ኤርትራ፡ ኣብ ትግራይ ሰብኣውን ፣ ጾታዊ ግህሰት ከምዝፈጸመ፡ ንብረት ከምዝዘመተን ፣ ከምዘዕነወን ይኽሰስ ኣሎ። ብኸምዚ ከኣ ኢሳይያስ ኣብ መንጎ ህዝቢ ኤርትራን ትግራይን ከቢድ ጽልኢ ብምዝራእ ዕምሪ ስልጣኑ ከናውሕ ዝከኣሎ ይገብር ኣሎ።

ድሕሪ ናይ ሸሞንተ ኣዋርሕ ቀጻሊ ኲናትን ዕንወትን፡ ብልዑል ኣህጉራዊ ጸቕጢን መኸተ ተጋሩን ናብ ዶባቱ ተመሊሱ ዝጸንሐ ሰራዊት ኤርትራ፡ ካብ ዝሓለፈ ሓምለ ጀሚሩ ኣብ ምዕራባዊ ትግራይን ከባቢ ጎንደርን ኣብ ጎድኒ ሰራዊት ፈደራል ተሰሊፉ ይዋጋእ ከምዘሎ ይንገር ኣሎ።

ኣብዚ ኲናት እዚ ከኣ ኣማራጽን ዕድልን ዝጸበቦም ንጹሃት መንእሰያት ኤርትራ ይሞቱን ይስንክሉን ኣለው። ክሳብ ሕጂ ኣብ ዝተኻየደ ኲናት ክንደይ ዝኾኑ መንእሰያት ኤርትራ ከምዝሞቱን ዝሰንከሉን ብወግዒ ዝፍለጥ የለን። ግን ከኣ ሓውን ባርዕን ኣብ ዝዘንቦ ኲናት ሞትን መውጋእትን ክህሉ ግድን እዩ። ብሰንኪ'ዚ ድማ ደሃይ ደቀን ዘይብለን ኣዴታት ኤርትራ፡ ስድራ ቤታት ኤርትራ ከብደን ሓቑፊን ነታ ኮነ ዝበሃላላ ዕለት ዝጽበያ ውሑዳት ኣይኮናን።

ስለዝኾነ እዩ እምበኣር እቶም ብህዝብናን ሃገርናን እንግደስ፡ እቶም ሞትን ጥፍኣትን መንእሰያትና ደም ዘንብዓና፡ እቶም ዕንወትን ጥፍኣትን እንጽይን ኤርትራውያን ኣብ ልዕሊ ኣሕዋትናን ጎረባብትናን ህዝቢ ትግራይ ዝወርድ ዘሎ በደልን ግፍዕን ክንኮንን ነቲ ንህዝቢ ኤርትራ ኣብ ዘይምልከቶ ኲናት ዝርያን ሕነን ኣትዩ ሰብ ዝቐትልን ዝቕተልን ዘሎ ሰራዊትና ደጊሙ ክሓስብን ኩሉ ዓቕሙን ሓይሉን ኣንጻር እቲ ምልካዊ መሳርዕ ብምቕናዕ ጸበባን ሽግርን ህዝቡ ከኸትም ንጽውዕን ነዘኻኽርን ዘሎና።

ብሰንኪ እዚ ንኤርትራና ኣንጻላልዩዋ ዘሎ ከቢድ ብደሆን ፈተናን ንህዝብናን ማሕበረ ሰብ ዓለምን ንምንጋር ሰለማዊ ሰልፊ ክውደብ እንጽውዕ ዘሎና ሃገራውያን ዝኾነ ቅድሚ ምኳኑ ብዝወሓደ ድምጽና ከነስምዕን ንመንእሰያትና ካብ ጥፍኣትን ዕንወትን ከነድሕን ማሕበረ ሰብ ዓለም ነዚ ኲናት እዚ ደው ንምባል ተሪር ስጉምቲ ክወስድ ክንጽውዕ ግዴታን ሓላፍነትን ኣሎና።

ኣብዚ እዋን እዚ ሰራዊት ፈደራልን ትግራይን ከቢድ ወተሃደራዊ ምድላው ይገብሩ ምህላዎም ናይ ኣደባባይ ምስጢር እዩ። ኣሜሪካ፣ ሕቡራት ሃገራትን ፣ ሕብረት ኤውሮጳን ክልቲኦም ተቐናቐንቲ ብህጹጽ ናብ ዘተ ክመጽኡን ሰራዊት ኤርትራ ናብ መሬቱን ዶባቱን ክምለስ ክጽውዑ ጸኒሖም ኣለው። ግን ከኣ ተሪርን ቀያድን ስጉምቲ ዘይወስድ ጻውዒትን ምሕጽንታን ዘረባ ጥራይ ኮይኑ ከምዝተርፍ ኣብ ታሪኽና ኣጸቢቕና ንፈልጦ ኢና።

ስለዝኾነ ኲላትና ኤርትራውያን ደለይቲ ሰላምን ፍትሕን፡-

- ህዝብን ሃገርን ከነድሕን፡
- መንእሰያት ኣሕዋትናን ደቅናን ኣብ ዘይምልከቶም ውግእ ባዕዲ ንከይጠፍኡ
- ሰራዊት ኤርትራ ኣብ ዘይምልከቶ ውግእ ዓደምሓራ ከይሃልቕ
- ኣዴታት ኤርትራ ዳግማይ መንጠሊና ሓዘን ከይክደና ክንትንስእ ይግባእ።

ኣብዚ ቀረባ እዋን መራሕቲ ህግደፍ ኣልኣሚን ኮነ የማነ ጉዳይ ኢትዮጵያ ጉዳይናʼዩ። ኢትዮጵያ ንከይትበታተን ብኹሉ እንኽእሎ ክንሰርሓላ ኢና ብማለት፡ ብዘይ ናይ ህዝቢ ፍቃድ ጥልመትን ክሕደትን የሳስዩ ኣለው ።

ሰራዊት ኤርትራ ዩኒፎርም ወተሃደራት ኢትዮጵያ ተኸዲኖም ሓቢሮም ንክዋግኡ ምድላዋት ይገብሩ ምህላዎም ነቲ ኵናት ካብ ዘይድግፉ መዋጽኦ ጸቢቡዎም ኣብ ሻቕሎት ካብ ዝርከቡ ዕሽላት ደቅናን ኣሕዋትና ንሰምዖ ኣለና።

እቶም ሕድርን መብጽዓን ሰማእታትና ዝረገጹ መራሕቲ ህግደፍ ኤርትራ ዳርጋ ኣካል ኢትዮጵያ ንምግባራ መጻኢ ኢትዮጵያ እዩ መጻኢና ይብሉና ኣለው።

ብደም ኣሽሓት ዝመጽኣት ሃገር ብኢደ ወነን ውሑዳት ከም ሓንቲ ክልል ኢትዮጵያ ክትረአ ጀሚራ ኣላ። እዚ ከኣ ንሃገር ብምኽሓድ ተለኻኺምካ ምጥፋእ እዩ።

ስለዝኾነ እዞም ኣብ ስደት እንርከብ ሃገራውያን ግዱሳት ነቲ ኣብ ሃገር ብምልኪ ኣፉ ተዓቢሱ መሓውሩ ለሚሱ ዝርከብ ህዝብና ብዝወሓደ ድምጺ ክንኮኖን ኣውያቱ ከነስምዓሉን ንሕተት ኣሎና። እቲ ውዒሉ ሓዲሩ እናኸፍአን ከቢድ ምፍሳስ ደምን ከስዕብ ዝኽእል ኩነታት ካብ ዘለዎ ንላዕሊ ከፊኡ ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ከይበጽሐ ሕጂ በብዘለናዮ ተጠራኒፍና ሰላማዊ ድምጽና ከነስምዕን ኵናት ክንኩንን ይግባእ ፡

እዚ ጻዊዒት እዚ ንኩሉ ኣብ ስደት ዝርከብ ሃገራዊ ሓላፍነት ዝስመዖ ግዱስ ዜጋ ዝምልከት እዩ። እዞም ኣብ ኤውሮጳ ኣመሪካ ካናዳ ኣውስትራልያ ኣብ ካልእ ቦታታት ኣብ ስደት እንርከብ ዜጋታት ብሕቡር ዝተወሃሃደ ድምጺ ነዚ ዝእለም ዘሎ ጥፍኣት ዓገብ ክንብል ይግባእ።

ኣቕረብቲ ፥
ኣብ ፓልቶክ (መርበብ ኤርትራውያን ንፍትሒ) ንናጣጠፍ ደለይቲ ፍትሒ
ዕለት፥ 05/10/2021